## በዓል ቤት ዘይብሉ ወረ፡ ከም ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ መንግስቲ፡-

*ኣብ ኤርትራ ውሽጠ ርዱእ ግን ከኣ ብወግዒ በዓል ቤት ዘይብሉ ወረ ብተለምዶ* (03) *እናተባህለ ዝግለጽ ቤላ ቤሎ ከም ለበዳ ሕማም ውሽጢ ውሽጢ እናተላበዐ፡ ፖለቲካዊ ኣንፈት ህዝቢ ኣዛቢዑ ከም ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ጉጅለ ህግደፍ ኮይኑ ካብ ዘገልግል ኣዝዩ ነዊሕ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ገለ ፈለጥቲ ውሽጢ ሕማም ቤላ ቤሎ* (03) *ኣብ ኤርትራ፡ ምስ ውልደት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ናይ ሎሚ እንኮ ሰባዊ ጸረ-ህዝቢ ጉጅለ ህግደፍ ከም ዝጀመረ፡ በዓል ቤቱን መሃዚኡን ንሱ ከም ዝኾነን ርግጸኛታት ኮይኖም ብኣብነታት እናደገፉ የረድኡ። ኣብ'ቲ ጽዕጹዕ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ንሃገራዊ ነጻነት፡ ህዝቢ ምሉእ ሃሙን ቀልቡን ንነጻነት ሃገሩ ኣብ ዝሃበሉ፡ ተሳትፎኡ ድማ ብተግባር ኣብ ዘረጋገጸሉ ወቕቲ ከይተረፈ፡ ኣብ ዓራርብ ካብ ዝመደበሮም መሪሕነትን ካድራትን ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ባይታ ደሊኻ ዘይትረኽቦ፡ ዘይተባህለ ዘይተገብረ፡ ከም ዘሎ ከም ዝተባህለን ዝተገብረን ኣምሲሎም ፍጥር ጥቕር ኣቢሎም፡ ንቕሓት ኣባላቶምን ህዝብን ዘጉድም፡ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያን ኢትዮጵያውያንን ዝኸሓነ ጽልኢ ዘሕድር፣ ካብ ሰብኣውነት ዘርሕቕ ዘጨክን፡ ካብ ዕላማን ኣሰራርሓን ወጻኢ ኣብ ልዕሊ ውልቀ መራሕቲ ኣምልኾ ዘሕድር ጎስጓሳት ይካየድ ከም ዝነበረን የረጋግጹ። ቤላ ቤሎ ዝብል ዝጸንሐ ኣበሃህላ ብ*03 *ሰለስተ ዝብል ቃል ዝተተከአሉ'ውን ኣብ ኣስመራ ዘይኮነ ኣብ ሜዳ ከም ዝኾነ'ውን ይዛረቡ።*

*ጭብጢ ዘይብሉ በዓል ቤቱ ዘይፍለጥ ወረ ብኹሎም ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ ቅቡል ኣይኮነን። ጽዩፍ'ዩ፡ ውጉዝ'ዩ። ስለምንታይ ፍቑራት ዘፋትሕ፡ ጎረባብቲ ዘባእስ፡ ኣዕሩኽ ዝፈላሊ፡ ምትእምማን ኣጥፊኡ፡ ምጥርጣር ዝፈጥር፡ ማሕበራዊ ህይወት ዝዘርግ፡ ክሳብ'ውን ዘቃትል መርዛም ሕማም ድሕረት ስለ ዝኾነ፡ በለካ ለኸዐካ ብኹሎም ሕብረተ-ሰባት ኤርትራ ውጉዝ'ዩ። ኣብ በለካ ለኸዐካ ማለት ጭብጢ ኣብ ዘይብሉ ወረ ምርባሕ ዝዋፈሩ ሰባት ከኣ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ እምነትን ክብረትን የብሎምን። ንቑም-ነገር ኣይሕጸዩን። ብኢሳያስ ተሰሪሑ፡ ዛጊት እዝኑ፡ ዓይኑ፡ ኣእምሮኡ፡ ሳንቡኡ ብኢሳያስ ዝንቀሳቐስ፡ ሕጋዊ ህልውናኡ ዘብቀዐ፡ ብገበናዊ ተግባሩ ህልውናኡ ዘላሊ ጉጅለ ህግደፍ ግን፡ ናይ ፖለቲካዊ ውድብ፡ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝተቖጻጸረ ሓይሊ ክንሱ፡ ቤላ ቤሎ* (03) *ብመደብ ከም ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳቡ ወሲዱ ይግልገለሉ ኣሎ።*

*እዚ ጉጅለ ስለምንታይ'ዩ ቤላ ቤሎ* (03) *ከም ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ መለለይኡ ወሲዱ ክግልገለሉ መሪጹ*? *ሓደ፡ ብባህሪኡ ምስ ሕጋውነትን ግልጽነትን ስለዘይቃዶ'ዩ። ካልኣይ፡ ህዝቢ ኣፍሪሑ ኣደናጊሩ ደኣምበር፡ ናብ ህዝቢ ቀሪቡ፡ ህዝቢ መሲሉ፡ ንህዝቢ ኣእሚኑ፡ ንህዝቢ ኣኽቢሩን ክኸይድ ዘኽእሎ ህዝባዊ ተፈጥሮ ኣይተዓደለን። ሳልሳይ፡ ካብ ኣብ ገዛእ ርእሱን ኣብ ህዝቡን ኣብ ካልኦት ግዳማውያን ሓይልታት ዝተኣማመን ጽግዕተኛ ተፈጥሮ ዝውንን ብምዃኑ'ዩ። ራብዓይ፡ ብሃገርነትን ነጻነትን ጉልባብ፡ ውልቃውን ጉጅላውን ዝና፡ ረብሓን ቀጻልነትን 'ምበር፡ ናይ ህዝብን ሃገርን ሓላፍነታዊ ርድኢትን ስምዒትን ስለ ዘይብሉ'ዩ። ሓምሻይ፡ ንልዑል ሃገራዊ ፍቕርን የዋህ ፖለቲካዊ ርድኢትን ኤርትራውያን ብኸመይ ኣብ ረብሓኡ ከውዕሎ ከም ዝኽእል ስለ ዘንበበ'ዩ ....ወዘተ።*

*ኤርትራዊ ካብ ልዑል ጻምእ ሃገራዊ ነጻነት ዝብገስ፡ ሃረርታ ዕለተ ነጻነት ደኣምበር፡ ብዛዕባ ህዝባዊ ባህሪ፣ ሕጋዊ ትካላዊ ኣሰራርሓ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ናይ ሎሚ ጸረ-ህዝቢ ጉጅለ ህግደፍ ዕሙቕ ዝበለ ኣገንዝቦን ፖለቲካዊ ንቕሓትን ኣይነበሮን። ግፍዒ ገዛእቲ ዝወለዶ ልዑል ሃረርታ ነጻነት፣ ውላደይ ውድበይ ዝብል ድማ ግሩህ ግን ከኣ ሕሉፍ እምነት ኣሕዲሩ ስለ ዝነበረ፡ ኣተሓሳስባኡ በዚ ናይ ጥፍኣት ጉጅለ ክስለብ ኮይኑ። ፖለቲካዊ የዋህነት ኮነ ውላደይ ውድበይ ዝብል እምነት ህዝቢ ብጥሪኡ ኣወንታዊ'ኳ እንተኾነ፡ እምብዛ ግርህና፡ ኣብ ዘይተጸንዐ ፖለቲካዊ ባህርን ሕጋዊ ልጓም ኣብዘይተገብረሉ መሪሕነትን ውላደይ ስለ ዝኾነ፡ ውድበይ ስለዝኾነ ኢልካ ፍጹማዊ እምነት ምሕዳር፡ "ንጥንቅልዒት ኮይንካ ዝሸንካዮ ተመሊሱ ናብ ነብስኻ" ከም ዝተባህለ፡ ኣብ ክንዲ ክብረት ሕስረት'ዩ ዘምጽእ። ኣብ ክንዲ ምርቓ መርገም'ዩ ዝኸውን። ውሑዳት ዘይኮኑ ኤርትራውያን ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ናይ ሎሚ ህግደፍ ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ ብቕዓት ኣመራርሓ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝነበሮም ርድኢትን የዋህ ኣተሓሕዛን ክሳብ ክንደይ ጎዳኢ ምዃኑ ብተግባር ኮይኑ ዘሎ ውጽኢቱ ሓባሪ'ዩ።*

*ፖለቲካዊ ግርህናን ሕሉፍ ኣምልኾን ትርጉም ሃገርነትን ክብረት ወዲ-ሰብን፣ ትርጉም ልኡላውነት ህዝብን ልኡላዊ መሬትን፣ ስራሕን ሓላፍነትን መንግስትን ተራን ሓላፍነትን ህዝብን፣ ኣድላይነት ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ፡ ፖለቲካዊ*

ራእይ፡ ስትራተጂን ስልትን፣ ፖሊስን ኣፈጻጽማን፣ ክብረት መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን ብሓደ መዳይ፡ ኩሉ መዳያዊ ዕንወት ጸረ-ህዝቢ ኣረኣእያን ፍጹም ውልቀ ምልክነትን ከኣ በቲ ካልእ መዳይ፡ ፈላሊኻ ኣብ ምንባብን ምርዳእን ስለ ዘጸግም፡ ህጻን ቆልዓ ሓዊ ከም ዘንድድ ብኢዱ ፈቲኑ ከም ዝመሃር፡ ክሳብ ስድራ ቤታት ዝፈርሳ፡ ጥሜትን ድኽነት ናብ ዓጸቦ ክሳብ ዝምዕብል፡ ኣብ ዘይፍትሓዊ ኲናት ኣትዩ ክሳብ ዝነድድ ምጽማም ተራእዩ። ኣተሓሳስባኡ ተቐጻጺሩ ብህይወቱ ናይ ዝጣላዕ ጉጅለ ግዳይ ኮይኑ። ንህዝቢ ኣብ ዙርያ ናይ ጥፍኣት መደባቱ ክዓስል ዝገብር ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ጉጅለ ህግደፍ፡ ቤላ ቤሎ (03) እምበር፡ ሕጋውያን ደሞክራስያውያን ፖለቲካዊ ውድባት ዝምርሕሉ ሓቀኛ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ኣይኮነን።

ተራ ዘይተወደበ ሓፋሽ ጥራሕ ዘይኮነ፡ 40-50 ዓመት ኣብ ፖለቲካዊ ዓለም ዝጸንሑን ዘለውን ካድራት፣ ወተሃደራት፣ ላዕለዎት ወተሃደራዊ መኮንናት፣ ኣማሓደርቲ፣ ሚኒስተራት፣ ኣምባሳደራት፣ ኣብ ክንዲ ፖለቲካዊ ኣረኣእያና፣ ፖሊሲና፣ ሕግና፣ መምርሒና፣ ዓንቀጽና እናበሉ መሰሎም ዘኽብሩ፡ ብዛዕባ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ዝከራኸሩ፡ ኩሉ ነገር ካብ ሓደ ሰብ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ፍታሕ ክረክቡ ይጽበዩ። ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ሕሱም ድኽነት፣ ጸጥታዊ ስግኣት፣ ተነጽሎ ዘምጸኦ ኢሳያስ ክንሱ፡ እሱራት ናይ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ብቤላ ቤሎ (03) ብምኳን፡ ወዲ ኣፎም ኣብ መዓልቲ ነጻነት፣ መዓልቲ ሰማእታት፣ ባሕቲ መስከረም፣ ሓድሽ ዓመት መፍትሒ ከምጸአልና'ዩ እናበሉ ሃረር ይብሉ። ኢሳያስ ብሕግን ብስርዓትን ዝሰርሕ ነይሩ እንተዝኸውን ትጽቢት እንተተገብረሉ እምብዛ ኣይመገረመን። ካብ ሕግን ስርዓትን ወጻኢ ስልጣን ዝሓዘ ጸያቒቶ ኢሳያስ ፍታሕ ከምጸአልካ ምጽባይ ግን፡ ፖለቲካዊ ውድቀት 'ምበር ካልእ መልሲ ኣይርከቦን።

ኢሳያስ ብምስምስ ዶባዊ ሕቶ ኲናት ወሊዑ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዜጋታት ኣካሎም ጎዲሎም ህይወቶም ድማ ስኢኖም ኣይተሓተተን። ሃብቲ ሃገር ተሃሚኹ። ህዝቢ ተመዛቢሉ ተሰዲዱ። ተዋሪዱ ተሓሪዱ። ፖለቲካዊ ምስሊ ሃገር ረማዕ ኢሉ ኣይተሓተተን። ኢሳያስ ኣስታት ን16 ዓመት ዶብና እንተዘይተጠረረ ኢሉ ኩለ-መዳያዊ ህዝባውን ሃገራውን ዕንወት ኣብጺሑ። ህዝቢ ገለ ከይትብል ተጸመም ኢሉ። ኢሳያስ ናብ ኢትዮጵያ ክሰግር ዝተረኸበ ክርሸን ውላዱ ናብ ኢትዮጵያ ዝሰገረ ወላዲ 50 ሽሕ ናቕፋ ክኸፍል መምርሒ ኣውሪዱ ኣተግቢሩ ኣይተሓተተን። ኢሳያስ ብዘይወግዓዊ መግለጺ ን20 ዓመት ተዓጽዩ ዝነበረ ዶብ ከፊቱ። ኢሳያስ ነቲ ብዘይወግዓዊ ኣገባብ ዝኸፈቶ ዶብ፡ እንደገና ብዘይወግዓዊ ኣገባብ ዓጽይዎ። የወሃትን በሃመትን በዚ ኩሉ ኣይሰክሑን ኣይተማህሩን።ብሕማቕ ሕማም ንሕና ንሱ ግዲ ተለኺፎም፡ ኢሳያስ ወይ ሞት ይብሉ ኣለው።

ኢሳያስ ከም ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ብዝግልገለሉ ቤላ ቤሎ (03) ኣቢሉ ስብሓት ኢፍሬም ተሃሪሙ፡ ኢድ ናይ መንዶ መንዶ ኣለዎ። ሃራሚ ተታሒዙ መንግስቲ ይምርምሮ ኣሎ። ጎረቤትና ኣይደቀሱልናን …ኣብ ዝብል ከም ዝህውትቱ ገይርዎም። ተራ ጽልኢ ጎረቤትን ኣምልኾ ኣብ ኢሳያስን 'ምበር እንዶ ፖለቲካን ፍትሓዊ ኣጠማምታን ዘይብሎም የወሃትን በሃማትን ካብ ኢሳያስ ምሕረት ክወርደሎም፡ ኣብ ሓድሽ ዓመት 2019 ናይ ኩሉ ጸገማት መብርህን መፍትሕን ክህቦም ሃንቀው ክብሉ ቀኒዮም። ኣንታ ካብ ተመክሮ ናይ 27 ዓመት ዘይትመሃሩ፡ ካብ ጠላምን ብዱዕን ኢሳያስ እንታይ ቁም-ነገር ትጽበዩ ንዝብል ምኽሪ፡ ከም ዝሓለፉ ዓመት ደሓን ሎሚ ፍታሕ ከምጽእ'ዩ እናበሉ ዝተጸበይዋ ሓዳሽ ዓመት ኣትያ። ከም መሳርሒ 'ምበር ከም መሳርሕቲ ዘይሪኦም ብዱዕ ኢሳያስ ድማ፡ ብዙሕ ጸገማት ገጢሙና ብምጽማም ሰጊርናዮ። ኣብ ምሉእ ራህዋ ዝርከባ ዘይመለሳኦ ቁጠባዊ ዕቤት ኣመዝጊብና፡ ንዝሓየለ ስራሕ ድማ ንተዓጠቕ ዮሃና ብዝብላ ቃላት ብመንገዲ ጋዜጠኛ ኣመሓላሊፉ ህልም። ሕልሚ ዘይቀበጹ ድማ ሕርር ኩምትር ኮይኑ። ውጽኢት በዓል ቤት ዘይብሉ ናይ ቤላ ቤሎ (03) ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ንሱ'ዩ። ዘይዘራእካዮ ስለ ዘይዕጸድ፡ 03 ከም ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ መምርሒኦም ዝገበሩ በሃማትን ስምዒታውያንን ቁም-ነገር ኢሳያስ ኣብ ኢዶም እንተሓወዮም 'ምበኣር ኣይገርምን።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 02-01-2019